# ፌስቲቫል ስፖርት ኤርትራዊያን ስካንዲናቪያ
# 2005 - 2014 የተቦሪ

ፌስቲቫል ስፖርት ኤርትራዊያን ኣብ ስካንዲናቪያን ኣብ ወርሒ ሰነ 2005 ዓ.ም ብምትሕብባር ኤርትራዊያን ማሕበራት፡ ግዱሳት ኣፍቀርቲ ስፖርትን ብምትብባዕ ኤምባሲ ኤርትራን ብተሳተታፍነት 19 ጋንታታት ካብ ብርክት ዝበላ ከተማታት ስካንዲናቪያ ኢዩ ኣብ ከተማ የተቦሪ ተጀሚሩ።

መሰረታዊ ዕላማ ፌስቲቫል ኣብ ስካንዲናቪያን ዝርከቡ ኤርትራዊያን መንእሰያት ብሓንሳብ ክራኸቡን ክፋለጡን፡ ኣብ ማኣዲ ስፖርት ተሞክሮን ክእለትን ክለዋወጡን ክእለቶም ከለልይዩን ኣብ መወዳእታ ድማ ብቑዓት ተወዳደርቲ ስፖርተኛታት ብምዃን ንሃገሮም ኤርትራን ንዝነብርሉ ሃገር/ሕብረተሰብ ወኪሎም ስፖርታዊ እጃም ከምዘበርክቱ ንምግባር ኢዩ። ብዘይካ'ዚ መንእሰያትና ካብ ዝተፈላለዩ ጎዳእቲ ልማዳትን መሰተን ሸጋራን ዝተፈላለዩ ወንጀላት ነጻ ክኾኑ ጥዑያትን ሃገራዊ ፍቕሪ ዘለዎም ብመንነቶም ዝሕበኑ መንእሰያት ክኾኑ ባይታ ንምፍጣር ኢዩ።

ነዚ ዝተጠቕሰ ዕላማታት ንምዕዋትን፡ ነዚ ፌስቲቫል ዘካይድ ካብ 10 ከተማታት ስካንዲናቪያን ካብ ዝተዋጽኡ ሽማግለታት ብዝቖመ ኣዋህሃዲ ሽማግለን ኣሃዱ ምውዳብ ፌስቲቫልን ንዓመት መመላእታ ብምስራሕ ካብ ሓሙስ ክሳብ ቀዳም ን3 መዓልታት ዝተፈላለዩ ዓይነት ስፖርት ብምውዳብ ንጥፈታት የካይድ። ኣብ ውሽጢ'ዚ 10 ዓመት ብኣማኢት ዝቑጸሩ መንእሰያት ህጻናትን ወለድን ኣፈቀርቲ ስፖርትን ኣብ ማኣዲ ስፖርት ክውዕሉን ክዘናግዑን ዝምድና ክፈጥሩን ኪኢሎም። ኣብዚ ፌስቲቫል ጋንታታት ካብ ሃገር ጀርመን፡ ኢጣልያን ዓዲ እንግሊዝን ክሳተፉ ምብቀዐንን ኣገዳስነት'ዚ ፌስቲቫል ዘብርሀ'ዩ። ፈላሚ ፌስቲቫል ዋንጫ ኣብ 2005 ተዓዊቲት ከተማ ስቶክሆም ጋንታ ባርካ ክትከውን ከላ ሎሚ ኣብ 10ይ ዓመት መን ዕዉቲ ከምእተኸውን ድማ ቀዳም ክንፈልጥ ኢና።

ኣብ ውሽጢ'ዚ 10 ዓመት ከም ኣብነት እንጠቕሶ ኣብ 2009 35 ጋንታታት ኣብ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ክሳተፉ ከለዋ ልዕሊ 64 ውድድራት ኣብ 6 ሜዳታት ኣብ ውሽጢ 3 መዓልታት ተኻይዱ። ነዚ ሰፊሕ ውድድር ዝዳንዩ ብርክት ዝበሉ ፕሮፈሽናል ዳያኑ ተሳቲፎም። ሽማግለ ንኹሎም ዕዉታትን ተሳተፍትን ዋንጫን ሜዳልያን ዓዲሉ፡ ኣብ ምድላው እጃም ንዘበርክቱ ትካላት መንግስትን ብሕታዊ ትካላትን ድማ ብምምስጋን ኣርማ ፌስቲቫል ዓዲሉ። ኣብዚ ፌስቲቫል ውድድራት ጉያ እግርን ጉታ ገመድን ይካየድ፡ ምስ ኩነታት ድማ ውድድር ባስኬት፡ ኢንላይን ይካየድ ነይሩ ሕጂ ግን ብሰንኪ ምችኡነትን ዋሕዲ ተሳተፍቲ ኣቛሪጹ ኣሎ። ኣብዚ ቅነ ፌስቲቫል ብጀካ ውድድር ስፖርት ማሕበረ ኮማት የተቦሪ ዳሳት ብምድላው ንኹሎም ዕድመታትን ጾታን ብሓባር ዘዘናግዕ ሙዚቃ፡ ዝብላዕን ዝስተን ብምቕራብ ናይ ዕረፍቲ ሰሙን ኮይኑ'ዩ ዝቕኒ። ኣብ መዛዘሚ ፌስቲቫል ድማ ብፍላይ ስፖርተኛታት ናይ ሓባር ፌስታ ብምድላው ኣብ ሜዳ ክዋጠጡ ዝዋዓሉን ዝሕጎሰሉን ዝፋለጥሉን ፌስታ ይካየድ።

ስፖርት ዝሰፍሐ ክፋሉ ንመንእሰያት ዝምልከት'ኳ ተኾነ ኣብ ምውድዳር ጥራይ ከይተሓጸሩ ኣብ ምድላውን ምክያድን ፌስቲቫል ተሞክሮ ምእንቲ ክቐስሙ፡ መንእሰያት YPFDJ ስፖርተኛታት ናይ ምእላይ ሓላፍነት ብምሃብ ኣብ ስራሕ ከምዝሳተፉን ወነንቲ ፌስቲቫል ንክኾኑ ተሞክሮ ክቐስሙ ዕድል ክፈጥርን ከተባባዕን ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ማለት ነዞም ካብ ኩሉ ከተማታት ስካንዲናቪያን ዝመጹ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ስፖርተኛታት ኣብ ቤትትምህርቲ ተቐቢሎም ከምዝድቅሱ ምግበር፡ ንዐኦም ዝድልዮም መሳለጥያት ብምቕራብ፡ ኣብ ቁርሲ፡ ምሳሕን ድራርን ምእንጋድን ኣብ ዝተፈላለየ መደባት ክመርሑን ክሳተፉን ይገብር።

ኣዋሃሃዲ ሽማግለ ፌስቲቫል ኣብ ወርሒ ለካቲት ናይ ውጥን፡ ኣብ ውርሒ ሰነ ድማ ብመሰረት ውጥን ናይ 3 መዓልቲ ውድድር ይካይድ፡ ኣብ ወርሒ ጥቕምቲ ድማ ንውጥንን ትግባረን ፌስቲቫል ሰፊሕ ገምጋም የካይድ። በዚ መንጽር ኣብዚ ውሽጢ 10 ዓመት ፌስቲቫል ስፖርት ስካንዲናቪያ፡ ቅርጹን ዕላማኡን ኣነጺሩ፡ ቀጻልነቱ ኣረጋጊጹ፡ ናይ ምትግባር ዓቕሙ ኣበሪኹ፡ ብቁጠባን ኪኢላታት ዓቕሚ ሰቡን ደልዲሉ ይርከብ። ፌስቲቫልና ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኤርትራን ካልእ ክፍለ-ዓለማትን ክፍለጥ በቒዑ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ሽማግለ ኣብ ኖርወይ፡ ሽወደን ዴንማርክን ኣህጉራዊ ውድድራተን ንዘካዳ ንካብ ሃገር ዝመጻ፡ ጋንታ ህጻናት ኩዕሶ እግሪ፡ ሃገራዊት ጋንታ ብሽግለታ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌት ጉያ እግሪ ዓቕሚ ዝፈቐዶ ኩለንተናዊ ምትብባዕ ገይሩ። ሽማግለ ብተወሳኺ ኣብ ከተማታት ብምዛር ብመጠኑ ምስ ኮሚቴታት ስፖርት ብምልዛብ ንዕየት'ዚ ፌስቲቫል ርክባት ኣካይዱ። ኣብዚ 10 ዓመት ዝተኻየደ ፌስቲቫል ብሕማኞ ዝጠቀስ ዝተፈጸመ ተግበር ዘይምህላውን ከበድቲ ስፖርታዊ ሓደጋታት ዘይምኽሳቱን፡ ብኣንጻሩ ፌስቲቫልና ተባሃግን መሳጥን እናኾነ ምቕጻሉ ሓደ ናይ ኣዳለውቲ ኣካላትን ኮማዊ ውዳበታት ተወፋይነት፡ ካልኣይ ናይ ኮ/ስፖርትን ተሳተፍት ስፖርተኛታት ዕዙዝ ኣበርክቶን ሙሉእ ዲሲፕሊንን ሰለዝኾነ ኣገናዕ ዘብልን ቀጻሊ ዘብልን ኢዩ። ብቐንዱ ዕብየት ፌስቲቫልና ኣብ ብዝሕን ዓይነትን ተሳታፍነት ኮሚቴታት ስፖርት ዝምርኮስ ሰለዝኾነ ኣብ ነፍሲወከፍ ከተማታት ዝነጥፉ ኮሚቴታት ስፖርት ክሕይላን ክተባባዓን ግደ ናይ ዝምልከቶም ኣካላት፡ ማሕበራትን ወለድን ኣፍቀርቲ ስፖርት ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ ነዚ ፌስቲቫል ካብ መፈላምታ ክሳብ ሎሚ ጋንታታት ብምውዳብ ፌስቲቫል ከምዝቕጽል ዝገበራ ኩለን ማሕበረ ኮማትን ኮሚቴ ስፖርትን ከተማታት ስካንዲናቪያን ክብ ዝበለ ምስጋና ነቕርብ። ከምኡውን ንኩሉኹም ግዱሳትን ኣፍቀርቲ ስፖርትን ንተሳታፍነትኩምን ኣበርክቶኹምን ነመስግን። ንጥፈታት ፌስቲቫል ዕዉት ንክከውን ከይተሓለሉ ንዝነጠፉ ኣሃዱ ምውዳብ ፌስቲቫል ነመስግን። ንኣእንጋዲት ከተማ የተቦሪ ምስ ኩሉ ውዳቤታታትን ነበርታን ንዝገበረቶ እንግዶት ነመስግን።ኤምባሲ ሃ/ኤርትራ ንዝገበሩልና ምትብባዕ ነመስግን። ብተወሳኺ፡ ንፌስቲቫልና ዝተፈላለዩ ኣበርክቶ ንዝገበሩልና ንIOF, Gbg kompani, Gothia cup, domarförbundet, studiefrämjandet, Taperna ነመስግን።

ስፖርት ንጥርናፈን ሓድነት

ዘልኣላማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ፌስቲቫል ስፖርት ስካንዲናቪያ
20140626